በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ ኣምላክ

ቤተ ክርስቲያና እወ ቤት ሕይወት መርዓት ክርስቶስ። ቤተ ክርስቲያን ማለት ናይ ክርስቶስ ገዛ፣ ክርስቲያን ተኣኪቦም ጉባኤ ማሕበር ዘካይዱላ ማለት እዩ። ሕዝበ እግዚኣብሔር (ክርስቲያን) ቃል ወንጌል ዝመሃሩላን ተኣኪቦም ናይ ሕብረት ጸሎት ንፈጣሪ ዘዕሩጉላን ኣማናዊ ናይ ዘለኣለም ሕይወት ዝህብ መግቢ ክቡር ስግኡን ደሙን መስዋእቲ ዝዓርገላ ኣብ ከውሒ ዝተሰረተት ዋጋ ዝተኸፍላ ርእሳ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኾነት ኣማናዊት ቤት እያ።

እስከ ህላዌ ቤተክርቲያን ቅድመ ታሪኽ ኣብ መጽሓፍ ንርአ፣- ቤተክርስቲያን ክትርአ ከላ ብምስጢር ኣምላኽ ኣብ ሰለስተ ከፊልካ ትርአ። እታ ቐዳመይቲ፣ ሰብ ቅድሚ ምፍጣሩ ዝነበረት ኣብ ዓለመ መላእኽቲ ዝነበረት ሓድነት እያ። እታ ካልኣይቲ ድማ ካብ ኣቤል ክሳዕ ዘካርያስ ካህን ዝነበረት እያ። እታ ሳልሰይትን መወዳእታን ድማ ብደም ክርስቶስ ዝተመስረተት ኣማናዊት ሓድነት ሕዝበ ክርስቲያን ናይ ምሕረት ዓውዲ (ኣውደ ምሕረት) እያ።

እምብኣርከስ እዛ ምንጪ ጸጋን ጽድቅን ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ኣመጻጽኣኣን ስማን ንርአ፣ ኣብ ዘመነ ብሉይ እግዚኣብሔር ምስ ሰብ ዘለዎ ርክብ ዝግለጸሉ ዝተፈላለየ ኣስማት ነበረ ንኣብነት ከኣ ኣብ ዘዳግም ተገሊጹ ከም ዘሎ በዓላት እግዚኣብሔር ንምኽባር ዝእከቡ ዝነበሩ ሕዝቢ እስራኤል "ከሃል" ወይ ኤክለስያ ይበሃሉ ነበሩ። ንብሉይ ኪዳን ናብ ጽርኢ ዝተርጎሙ 70 (ሰብዓ) ሊቃውንቲ እዮም። ከሃል ንዝብል ቃል እብራይስጢ ኤክለስያ ኢሎም ተርጊሞሞ ኣለዉ። እዚ ቃል እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ልዕሊ 90 ግዜ ተጻሒፉ ከምዘሎ ኣብ ዛንታ ቤተ ክርስቲያን ተገሊጹ ከምዘሎ የረድእ። ዋና ትርጉሙ ድማ ኣብ ዘመነ ኦሪት ንዝነበረ ጉባኤ ሑሩያት ሕዝቢ እግዚኣብሔር ንዝኾኑ እስራኤላውያን ማለት እዩ። ኣብ ሓዲሽ ውን "ጽውዓት-ሑሩያት" ይብል (ማቴ 22፥14)።

ቤተ ክርስቲያን ማለት እምበኣር ኣብ ዘመነ ሓዲሽ ኪዳን ንሰማያዊ ክብሪ ዝተጸውዑ ዝተሓርዩ ምእመናን ሕዝበ ክርስቲያን ዝእከብሉ ቤት እዩ። መሰረት እዛ ቤተ ክርስቲያን ከኣ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ባዕሉ ኣብ ቅዱስ ወንጌሉ ገሊጽዎ ኣሎ። "ንቅዱስ ጴጥሮስ ሓደራ ጉስነት (ኖላውነት) ኣብ ዝሃበ'ውን ከምዚ ይብል፣ "ንስኻ ከውሒ ኢኻ ንቤተ ክርስትያንየ ኣብዛ ከውሒ ክሃንጻ እየ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይክናውጽዋን እዮም" ብናይ ሓደራ ቃል ዝመስረታ ባዕሉ ሙዃኑ ገሊጽዎ ንረኢ (ማቴ 16፡-18)። ካብ'ዚ ጥቕሲ እንርድኦ እንተሃለወ መስራቲኣ ኢየሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ጥራሕ ዘይኮነስ ደጌታት ሲኦል ክሕይልዋ ከምዘይክእሉን እዩ ዘረድኣና።

ሓንትን ቅንዕትን ኣምናዊትን ቤት ስለ ዝኾነት ካብ'ቲ ናይ ጥንቲ ጸላኢ ዝኾነ ዲያብሎስን ሉኡኻቱን ዝኾኑ ዝተፈላለዩ፣ ሓይልታት ክስዕሩዋ ዘይክእሉ ምኽንያቱ ርእሳ ክርስቶስ ስለዝኾነ። ክርስቶስ ሓንሳእ ንሓዋሩን ንሞት ከም ዝሰዓረ ንሳ'ውን ሓንሳእ ንሓዋሩን ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ ዝተሃንጸት ኣማንዊት ቤት እያ። ብዙሓት እኳ ብስማ እንተ ሸቀጡን ንከሕቅቑዋን ኣውታሮም እንተገተሩ ናብ ሓዊ ከም ዝቐረበ ጅማት ሓሪሮም ተኾምቲሮም እዮም ዝወድቁ። "ዝናብ ዘነመ፣ ወሓይዝ ወሓዘ፣ ንፋሳት ነፈሱ፣ ነቲ ቤት ደፍእዎ ኣብ ከውሒ ስለ ዝተመስረተ ድማ ኣይወደቐን" (ማቴ 7፥25)። እቲ ኣብ'ዚ ከውሒ እዚ ንቤተ ክርስትያነይ ክምስርታ እየ ዝበለ ክርስቶስ መሰረታ ስለዝኾነ።

ዝናም ዝተባህሉ፡- ዲያብሎስ ጭፍረኡን ኣጋንንትን እዮም።

ወሓዚ ዘተባህሉ፡- ኣረማውያን ከሓድያን መምለኽቲ ጣኦት ዝኾኑ ነገስታት ከም በዓል ዲዮልቅልጥያኖን ብርክያል ዲድያኖስ ዝኣመሰሉ ኢዮም።

ንፋሳት ዝተባህሉ፡- መናፍቃን መሊካውያንን ብስም ጎይታ ዝሸቅጡ ካብ ሸያጥ መምህሩ ይሁዳ ጀሚሮም እኒ ኣርዮስ፣ ንስጥሮስ፣ ልዮን ክሳብ ናይ ዘመና ተኺሉ መንጠልቲ ኣባጊዕ እዮም።

መሰረታ ኢየሱስ ክርስቶስ ሙኳኑ ዘራጋግጽ ጥቕሲ እስኪ ንመልከት፣ "ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ናይ ጎይታ ቤተ ክርስቲያን ክትጓስዩ መንፈስ ቅዱስ ኤጵስቆጶሳት ገይሩ ኣብኣ ሸመኩም፣ ኩሉ መጓሰ ሓልዉ" (ግብ 20፥28)። በዚ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ገሊጽዎ ዘሎ ጥቅሲ ንርድኦ እንተ ሃልዩ፣ ቤተ ክርስቲያን ዝብል ቃል "ጉባኤ ምእመናን" ደኣምበር እቲ ህንጻ ጥራይ ከምዘይኮነ ክንርዳእ ንኽእል። ስለምንታይ ደኣ ነዛ ሓዋርያት ሓደራ ተቐቢሎም ብዕርፈ መስቐል ዝሓረስዋን ሓንትን ሓዋርያዊትን ኣጽናፋዊትን ቤት ዝኾነት፣ እሞኸኣ ሕጊ ቡሉይን ሕጊ ሓድሽ ኪዳንን ስርዓት ወንጌልን እትምህርን ኣብ ከርሳ ዝጸረትን መግቢ ሕይወት ንምእመናና እንዳ መገበት እትጓዓዝ ኣጽናፋዊት ሕጂ ውን ሓደራ ሓዋርያት ዝተቐበሉ ጨው ዓለም

ብዝተሰምዩ ካህናታ ኣዒንቲ እግዚኣብሔር፣ መዓልታዊ ሰማእትነት ብምጉዓዝ ካብ ጽንፊ ክሳብ ጽንፊ እትነብር ዘላ ሓንትን ኣማናዊትን ብደም ክርስቶስ ዝተሓጽበት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኣላትና (ማቴ 5፥13-16)።

ቤተክርስቲያን ሓንትን ኣማናዊት ጉባኤ ምእመናን ምዃና ቅዱስ ጳውሎስ ከረድእ እንከሎ ከምዚ ይብል፣ “ሓደ ጎይታ ሓንቲ ጥምቀት ሓንቲ እምነትን ይብል” (ኤፌ4፥5)። ሓንቲ ዝተባህለትሉ ድማ ክርስቶስ ዝርእሳ ብክርስቶስ እትኣምን ብክቡር ስግኡን ደሙን መዓልታዊ ኣንዳ ተቀደሰትን ተሓጽበትን እትነብር ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ምዃና የረደእ፣ ኦርቶዶክስ ዝብል ቃል ናይ ሓቂ ቤት ማለት’ዩ። ሓዋርያዊት ዘበላ ውን ኣብ ዓለም ከም ትዝርጋሕ ጸኒዓ ከም እትነብር ዝገበርዋ ሓዋርያት ስለ ዝኾኑ ኢያ። “ኣብታ ቤት ኣምላኽ ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ሕያው ኣምላኽ ከመይ ጌርና ከም እንነብር ክትፈልጥ ጺሒፈልካ ኣለኹ” (1ይ ጢሞ3፥15)።

ኣጽናፋዊት ዝተባህለትሉ ድማ ኣብ ኣርባዕቲኡ ማእዝናት ዓለም ተዘርጊሓ ስለ እትረክብ እዩ። ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን እንዳ ተባህለት እትጽዋዕ ውን ቅዱስ ምስጢረ መለኮት (ክቡር ስግኡን፣ ደሙን ናይ ጎይታ) ስለ ዝፍጸመሉን ዝስዋኣሉን ባዕሉ ጎይታ ብስግኡን ደሙን ስለ ዝቐደሳን ዝሓጸባን፣ 150 ቅዱሳን ኣቦታት ዝረከብዎ ጉባኤ ቆስጥንጥንያ ወንኣምን በኣሐቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ክብሉ ብውሳኔ ስለ ዝሰመይዋን እያ።

እዛ ቤት እዚኣ ኣማናዊት ቤት ዝብል እኳ ኣብ ዘመነ ብሉይ ገና ክርስቶስ ቅድሚ ምውላዱ ዝነበረት ብኢድ ሰሎሙን ዝተሃንጸት ካብ ድንኳን ናብ ግሩም ህንጻ ምስተቐየረት “ነዛ ቦታ እዚኣ ቤት መስዋእቲ ንክትከውን ሓርየያን መሪጸያን ኣለኹ ፣ ኣብ’ዛ ቦታ እዚኣ ንዝጽለ ጸሎት ኣዒንተይ ክኽፈታ ኣእዛነይ’ውን ጽን ክብላ እየን። ስመይ ድማ ንዘለኣለም ኣብኣ ክኸውን ኣዒንተይን ልበይ ከኣ ኩሉ ግዜ ኣብኣ ክኾና ሓርየያን ቀዲሰያን ኣለኹ በለ(2ይ ዜና 7፦-11-16) ።

ነዛ ደም እንስሳታት ዝስዉኡላ ዝነበረት መቕደስ  ብሉይ ክሳዕ ክንድዚ ብመጋረጃ ተሸፊና እትግልገል ዝነበረት ቤት ኣነ ከኣ ኩሉ ጊዜ ክሕላዋን ክሓልየላን ኢየ ዚበላ ቤት (1ይ ነገሰት 9፣1-4)። እዚኣ ከኣ ናይዛ ህዝብን ኣህዛብን እስራኤል ዘስጋን እስራኤል ዘነፍስን ብደም ክርስቶስ ሓደ ዝኾኑላ ናይ ቤተክርስትያ ምሳሌ ኮይኑ የገልግል ነበረ እምበር በዚ መስዋእቲ እዚ በዚ መቕደስ እዚ ሕድገት ሓጢኣት ፍጹም ድሕነት ክርከብ ኣይከኣለን (ሮሜ 9፥24-27፣ እብራ 8፣8፣ እብ 10፣1-5) ነታ ከም ጽላሎት እትሓልፍ ክንድዚ ካብ ኣኽበራ ነዚ ኣብ ከውሒ ክሃንጻ ኢየ ብምባል ገንሸል ፋሲካ ብምዃን ብገዛእ ደሙ ዝዓደጋ ድኣ ክንደይ ዘይኽብራን ዘይሕልዋን።

እታ ቀዳመይቲ ከም ጽላሎት ካብ ሓለፈት  ነዛ ኣማናዊትን ሓንትን ኦርቶድክሳዊትን ክንደይ ዘይሕልዋን ዘየኽብራን። እወ እዛ ሓዋርያት ዝሓረስዋን ሰማእታት ብደሞም ዝነደቕዋን ጻድቃን ተጋደልቲ በዕጽምቶም ዝኸለልዋ ክርስቶስ ዝርእሳ ኣማናዊት ቤተክርስቲያን ማሕደረ መለኮት። እሞኸድኣ ኦሪት ዝግራታ ወንጌል ዝፍርኣ ዝኾነት ቤት ህላዌኣ መሰረታ እዚ ካብ ኮነ ከምቲ ዋናኣ ክርስቶስ ህያው ዝኾነ ሕያዊትን ኣማናዊትን ኢያ።

ሕጂውን ንፋሳት ዝተሰምዩ ሰይጣውንቲ ዝሓደርዎም መናፍቓን ክርስትያን ዘለስም ዝኾኑ ብትዕቢቶም ነዛ ቤት ከደፍእዋን ከነኣእስዋን ንእምኒ ኣይንሰግድን እናበሉ ዘይተርድኦም ኮይኑ እምበር እቲ ንዩሁዳ ንማሕነቕቲ ዝደበርዮ ንኣርዮስ ኣምዕቱ በጽቢጹ ንደገ ዘውጽአ ንንስጥሮስ መልሓሱ ዝተልተለ እንታይ ኢዩ ነይሩ እንተተባህለ ነታ ብደም ክርስቶስ ዝተሓጽበት ቤት ክሽፋፍሉን ከንኣእሱን ናይ ብድዐ ቓል ሕሱም ስለዘውጽኡ’ዶ ኣይኮነን። እዞም ናይ ሎሚ ከብዶም ዝኣምላኾም ደኣ እምበር ሓሳብ ጎይታ ዓለም ክርስቶስ ዘይብሎም መናፍቓን ብስም ኢየሱስ ዝሸቅጡ እዚ ጽዋእ ናይ ኣቦታቶም ኣርዮስን መቕደንዮስን ኣብ ርእሶም በላዒ ኮይኑ ክፈስስ ምዃኑ ምርዳእ ይግብኦም (ሮሜ፣16፣17-18)።

ብስም ኢየሱስ እናበሉ ዝሸቅጡ ቅድም እቲ ኢየሱስ ዝመሃሮ ቃል ምስትውዓል ምተገብኦም ነይሩ፣ ምስጋድ ኣብ ቤተክርስቲያን ኣይግባእን ዝብሉስ ሓይለ ቃል ትምህርቱ ከስተውዕሉ ነይርዎም። “ከመይ ኣምላኽ መንፈስ ኢዩ።እቶም ዝሰግድሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ክሰግድሉ ይግባእ”( ዮሓ 4፣22-24)። እምበኣር ንሕና ኦርቶደክሳውያን እንሰግደላን ንኣምላኽና እንምብርከኸላን ብመንፈስ፣ መንፈሳዊ መስዋእት ብምዕራግ መንፈሳዊ ኣገልግሎት እንፍጽመላን ህዝበ ክርስቲያን   ናይ ህይወት መግቢ ስጋን ደምን ናይ ክርስቶስ ዝቕደሰሉ ታቦት ሕጊ ኣብ ከርሳ ዝጾረት መስቀል ክርስቶስ ዝዓምዳ ኦሪትን ወንጌልን ዝብርሃናን፣ ልባሳታን ዝኾነት ቤትና ቤተ ክርስቲያን ኢያ።

ቤተክርስቲያና ክስርቶስ ዝመረጻ ቤት፣፡  እግዚኣብሄር ውን እኮ ክመርጽ ከሎ፣- ካብ ሃገራት ንእስራኤል፣ ካብ ከተማታት ንኢዮርሳሌም፣ ካብ ኣዕዋፍ ንርግቢት፣ ካብ እንስሳ ንበጊዕ፣ ካብ ኣእዋም ንኣውሊዕ፣ ካብ ኣዝርእቲ ንስርናይ፣ካብ ኣታኽልቲ

ንወይኒ፣ ካብ ኣንስቲ ንቅድስቲ ድንግል ማርያም፣ እዩ መሪጹን ሓርዩን። እዛ ቤት እዚኣ እያ እምበኣር ኣማናዊት ቤትና – ቤተክርስትያና።

“ኣብ ቀራና ኃደናታት እሞ ደው ኢልኩም ተመልከቱ እቲ ጥንታዊ መገድታት እቲ ጽቡቕ ኃደና ኣየናይ ምዃኑ ሕተቱ እሞ ብእኡ ተመላለሱ ሽው ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም” በሎም (ኤርም 6፣16)።

እሞ ንሕና ህዝበ ክርስቲያን ናብ ዕረፍቲ ክትረኽቡላ ዝተባህለት ቤት ንምምጻእ እሞ ዕረፍቲ ስጋን ነፍስን ክንረክብ። እምበኣር ሓቀኛታት ሰገድቲ ኮይና ክንርከብ የድሊ። ብመንፈስ ናብታ ብመንፈስ ዝተመልአት ቤት መጺእና ንስገድ። እዛ ቤት እዚኣ እኳ እያ በቲ እትገብሮን እትህቦን ኣማናዊ መንፈሳዊ ኣገልግሎት መንፈሳዊት ቤት ተባሂላ እትስም። እወ ኣማናዊት ቤት ቤትና ኦርቶዶክሳዊት “ቤተክርስትያና ኢያ።

እምበኣር ክቡራን ህዝበ እግዚኣሔር ብክርስቶስ ክርስቲያን ዝተሰመኹም ክርስቲያን በዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ሓጺር ጽሑፍ ቤተክርስቲያና ተረዲእና ቤትና ቤተክርስቲያና ከነለሊ ይግባእ።

ወስብሃት ለእግዚኣብሄር

ወለወላዲቱ ድንግል

ወለመስቀሉ ክቡር

ኣሜን!!!

ምንጪ-ጽርሃጽዮን 2011/2003 ት/ሰ/ቅ/ድ/ማርያም-ቤተክርስቲያን መድሃኔኣለም ኣብ ቅድስት ሃገር እስራኤል